# ቅዋም ኢሳያስ

ቅድሚ ምርጻ መሰጋግሪ ባይቶ ኤርትራ (መ. ባ. ኤ) ፡ እቲ ንረፈርንዱም ዝተዓደለ ቴሴራ፡ ብተሴራ ህግደፍ ተተክአ። ሕጹያትን መረጽትን ኣብ መ.ባ.ኤ. ኣባላት ህግደፍ ጥራይ ነበሩ፡ ከምኡ ስለ ዝነበረ ድማ ቅዋም ኢሳያስ ብኣባላት ህግደፍ ጸደቐ። እንተኾነ ግን ቅዋም 1997 ሕጋውነቱ ስለ ከማልእ ሓደ ወሳንን ደምዳምን ስጉምቲ ክወስድ ግዱድ ነበረ። ቅዋም ሕጋውነት ክለብስ ነዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ክማልእ ብሕጊ ግዱድ ነበረ፥

**ኣዋጅ ቁጽሪ 1፡ 1997**

**ንቅዋም ሃገረ ኤርትራ ኣብ ግብሪ ዘውዕል ኣዋጅ**

ብዕለት 23፡ ወርሒ ግንቦት፡ 1997 ዓ.ም. ነቲ ኣባላት መሰጋገሪ ባይቶ ዘጽደቕዎ ቅዋም በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ይእወጅ፥

ሀ. ስም ቅዋም

እዚ ኣዋጅ ¡ቅዋም ሀገረ ኤርትራ ቁጽሪ 1 1997¡ ተባሂሉ ይስመ።

ለ. ብዛዕባ ቅዋም ኣብ ስራሕ ምውዓል

ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ካብ ግንቦት 23፡ 1991 ጀሚሩ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ስራሕ ይውዕል።

ብዛዕባ ኣዋጅ

ሐ. እዚ ኣዋጅ ካብ ጉንበት 23፡ 1997 ዐ.ም. ጀሚሩ ይጸንዕ (ኣብ ግብሪ ይውዕል)።

ኣስመራ፡ ግንቦት 23፡ 1997

ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ

ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ

ደረስቲ ቅዋም ዲክታቶር ኢሳያስ ነዚ ይቕረታ ዘይግበረሉ ጉድለት ምስ ኣመትናሎም ዘርባዕባዕ ኢሎም። ¡ኣብ ጋዜት ስለ ዘይወጻእናዮ ድዩ¡ ¡ኣዚ ደኣ ተክኒካል እንድዩ¡ ብምባል ካብ ሕግውነት ቅዋም ኢሳያስ ከምልጡ ይፈትኑ እዮም፣ እነትኾነ ግን ጻዕሮም ከንቱ እዩ፣ ንጉራዴ መጻኢ ዲክታቶርነት ካብ ክሳድ ህዝቢ ኤርትራ ኣልዒልናዮ ኣሎና፣ ንመጻኢት ኤርትራ ድማ ምንጻፍ ደሞክራሲ ዘርጊሕና ኣሎና፣ ኩሉኹም ደሞክራስያውያን ኤርትራ ንኣይድዮሎጊ ንሕናን ዕላማናን ቅዋሙን ስለ ዝጋለጽኩም ደስ ይበልኩም፣ ሕጅውን ንቃለስ፣ ዝሓስብ ናይ ጽባሕ ሰብ እዩ፣ ንሓሳባት ዝዕንቅፍ ናይ ትማሊ እዩ ።

ኣዋጅ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ምጽሓፍ ቅዋም እዩ ዝሰፍር።

ከም ወከሲ ንቅዋም ኢትዮጵያ ተመልከት።

ሕሩይ ተድላ ባይሩ

2020፡09፡24

ስቶክሆልም